# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.212 ዓርቢ 5 ግንቦት 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣመሪካ፡ ፖሊሲ ዘየቋርጽ ተጻብኦታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ

ገጽ 3
ህያብ ናጽነት - ህያብ ኩልና



ገጽ 4
ካብ ጆባን ክሳብ ዓረባን ግዝግዛን ኣብ



ገጽ5
ዝኽሪ ሚያዝያ ግዝኣተ ሕጊ - ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ



ገጽ 7
ቅድድም ብሽክለታ ዋንጫ ናጽነት ፈሊሙ



## ሕብረተሰብ ዕለቱ ንዝወደቐ መድሃኒት ከወግድ ጻውዒት ቀረበ

ንዘይትጥቀመሉን ዕለቱ ዝወደቐን መድሃኒታት ኣብ ቤትካ ምዕቃብ፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ስለዝዓበ፡ ብውሑስ ኣገባብ ክውገድ ከምዝግባእ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ ኣቶ እያሱ ባህታ ጸዊዑ።

ኣቶ እያሱ ኣዚ ጻውዒት'ዚ ዘቕረቡ ካብ 6 - 11 ግንቦት ንዝካየድ ቅኑ መድሃኒትን መበል 18 ስሩፍልጡታዊ ዋዕላ ማሕበርን ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት እዩ።

በዚ መሰረት፡ እቲ ናይ ምውጋድ መድሃኒት መደብ ብውሑስ ኣገባብ ንኸካየድ፡ ብመልክዕ ፈተነ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከባ ትካላት መሸጣ መድሃኒት፡ ናይ ተጠቀምቲ ግዜኡ ዝወደቐ መድሃኒታት ካብ ህዝቢ ክቕበላ መደብ ከምዝሓዛ ሓቢሩ።

"መድሃኒታት፡ ፈውስቲ መርዚ'የም" ዝበለ ኣቶ እያሱ፡ ብግቡእ ምስ እንጥቀመሎም ህይወት ዘድሕኑ፣ እንተዘይኪኢልና ድማ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ብምዃኖም፡ ኣገባብ ኣጠቓቕማ መድሃኒታት ጥንቃቐን ምስትውዓልን ዝመልኦ ክኸውን፣ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ዝኾኑ መድሃኒታት ድማ ብኣግባቡ ብግቡእን ክውገዱ ኣተሓሳሰበ።

ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምውጋድ ግዜኦም ዝሓለፉ መድሃኒታት እንታይ ከምዝመስል ንምፍላጥ ኣብ 2019 ብዝተኻየደ መጽናዕቲ መሰረት፡ 50 ሚእታዊት ኣብ ዓይኒ-ምድርን ናይ ከተማ ጉሓፍን ከም ዝጉሓፍ፣ ኣብ 2023 ብዝተኻየደ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ድማ 66 ሚእታዊት ኣብ ሓፈሻዊ ዘቤታዊ ጉሓፍ፣ 15 ሚእታዊት ድማ ኣብ ዓይኒ-ምድሪ ክውገድ ምጽንሑ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

እንተኾነ፡ መድሃኒታት ኣብ ዓይኒ-ምድርን መጉሓፍን ምስ ዝውገዱ፡ ብኸሊታት ሩባታትን ምንጪታት ጽሩይ ማይን ከምዝበኽሉ ጠቒሱ፡ ሕብረተሰብ ንቕሓቱ ከዕቢ መኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ እያሱ፡ ዛጊት ስድራቤታት ክጥቀማሉ ዘይከኣላ መድሃኒታት ዘውገደሉ ኣገባብ ከምዝይጸንሖ፣ ካብ ወርሒ ግንቦት 2023 ጀሚሩ ግና ሓዲሽ ኣገባብ ንምትእትታው ክካየድ ብዝጸንሖ ምድላዋት፡ ኣብ ኩለን ፋርማሲታት መድሃኒታት ዝውገደሉ ቀፎታት ክዝርጋሕ ምዃኑ ኣዘኪሩ።

እዚ ከም ፈተነ ኣብ ኣስመራ ዝጅመር መደብ፡ ኣድማዕነቱ ተረጋጊጹ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ኩለን ከተማታት ኤርትራ ክትኣታቶ መደብ ከምዝሃሎ ድማ ኣፍሊጡ።



## መንደፈራ - ተራ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ተመጉሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝጥፋ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ወይ ኢጋር ሓካይም፡ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምጉታእ ኣብ ዝካየድ ጻዕርታት ልዑል ተራ ይጻወቱ ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ትካላት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ኢሳቕ ጉብረብርሃን ገሊጹ።

ነርስ ኢሳቕ ምስ ነበርቲ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ሕማም ዓሶ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓሓሊፉም ካብ ዝረኣዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተርእዮ'ቲ ሕማም ንምውጋድ ካብ ዝተኻየደ ናይ ፍወሳን ዳህሳስን ንጥፈታት፡ 76 ሚእታዊት ብኢጋር ሓካይም ከምእተዓመ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 61 ኢጋር ሓካይም ተዋፊሮም ንሕብረተሰብ ኣብ ምንቃሕ፣ ንሕማም ዓሶ ዘቃልዑ ተርእዮታት ኣብ ምውጋድ፣ ከም'ኡ'ውን ሕሙማን ዓሶ ኣብ ምፍዋስ ይነጥፉ ከምዘለዉ ጠቒሱ ድማ፡ ዝርግሐ ናይ'ቲ ሕማም ኣብ ምጉታእን በቲ ሕማም ክስዕብ ዝኽእል ሞት ኣብ ምውጋድን ዝኣድ ስራሓት ይዓሙ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ነርስ ኢሳቕ፡ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል፡ ሕብረተሰብ ብሰብ ሞያ ንዝወሃብ ሞያዊ ምኽርታትን መምርሒታትን ከተግብር ብምዝኽኻር፡ ጽሬት ኣከባቢን ምድፋን ዕቋር ማያትን ነታ ሕማም እተመሓላልፍ ጣንጡ ከወግድ ስለዝኽእል፡ ህዝቢ ከዘውትሮ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ናመሲያ ብግቡእ ኣብ መዓላ ክውዕል ንብጻሓት ክቐጽል፣ ኣብ ከባቢታት ሩባታትን ዒላታትን ዝርከብ ዕቋር ማያት ጠንቂ ምርባሕ ጣንጡ ይኸውን ስለዘሎ ጸረ-ጣንጡ መድሃኒት ክንጸገሉ ተማሕጺኖም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወሃቡት ብወገኑ፡ ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምቁጽጻር ዝካየድ ጻዕሪ ብንቕሓት ተሳትፎ ህዝቢን ትግባረ ዝወሃብ ምኽርታትን ክስዕብ ብምዝኽኻር፡ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምውሓስ ተልእኾኦም ብኣድማዕነት ንዝፍጽሙ ዘለዉ ኢጋር ሓካይም መጉሱ።

## ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም ብዝለዓለ ክዋስኡ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ጸዊዑ

ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም ብዝለዓለ ክዋስኡ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሌተና ኮሎኔል ግርማይ ጉብረሚካኤል ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር ጸዊዑ።

ብመንእሰያትን ተመሃሮን ዝፍጸሙ ገበናትን ምጥሓስ ሕግታትን ንምውሓድን ንምቁጽጻርን ምትሕብባር ወለዲ ምስ ፖሊስ ወሳኒ ምዃኑ ዝጠቐሰ ሌተና ኮሎኔል ግርማይ፡ ኣብ ምክትታልን ምእላይን ኣብ ውዑይ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ዕቱብነት ክህሉ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ 2022 ካብ ዝተመዝገቡ ገበናት በደላትን እቶም ዝበዝሑ ኣብ ክሊ ዕድመ 15 ክሳብ 18 ዓመት ብዝርከቡ ተመሃሮ 6ይ ክሳብ 10ይ ዝተፈጸሙ ምዃኖም'ውን ኣብሪሁ።

ዝበዝሑ ዝተቓልዑ ገበናት ብዙሳትፎ ህዝቢ ምዃኖም ብምግላጽ ድማ፡ ዓገብ ምባል ዝጸንሐ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ሓሊፉ ዝርአ እንታይ ገደሰኒ ዘይሓላፍነታዊ ስምዒትን ክውገድ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ወ/ሮ ትብለጽ ተወልደን ኣዛዚት 7ይ መደበር ፖሊስ ካፒተን መርየም እድሪስን ብወገነን እቲ ሰሚናር ንዚያዳ ዕቱብነን ውጽኢታውን ስራሕ ዝድርኽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ንደቆም ብኡብሪታት ሕብረተሰቦም ኣብ ምምልማል ዓቢ ሓላፍነት ከምዘለዎም ኣዘኻኺረን።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ገበን ብምክልኻል ሰላምን ጸጥታን ምውሓስ ንፖሊስ ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ መላእ ሕብረተ-ሰብ ክተሓባበር፣ በብከባቢኡ ዝርአ ዘይስነምግባራዊ ኣካይዳታት ብእዋኑ ንምግታእን ንምእራምን ድማ ብውህደት ክሰርሑ ተላብዮም።





## ባረንቱ - ባህላዊ፡ ስፖርታውን ትምህርታውን ቅነ ተመሃሮ ተኻዪዱ

16 ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦ - ባህላዊ፡ ስፖርታውን ትምህርታውን ቅነ ተመሃሮ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ "ወሃዱ ሱታፌ ንትርናዐ ፍልጠት ተመሃሮ" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 28 ሚያዝያ ክሳብ 1 ግንቦት ኣብ ባረንቱ ተኻዪዱ።

እቲ ቅነ፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዕን መደረን፡ መዚቃን ስነጽሑፍን፡ ቁሸት ትምህርቲ፡ ምህዞን ሰነዳን፡ ከም'ኡ'ውን ኢደ ስርሓትን ቅብኣን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መደብ ሓቢሮም።

ኣብ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ሓለፍቲ ኮሚተ ቅነ ትምህርቲ ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ቅነ ኣብ ምፍታሽ ዝንባሌታትን ምምዕባል ዓቕሚታትን ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ተሳታፍነተንን ተወዳዳርነተንን ንምውሓስ ንዝገበርኦ ልዑል ቅድመ-ምድላዋት ብምምጓስ፡ ኣብ ገለ ዓውድታት ዝተራእየ ድኹምነት ተሳቲፎ ተመሃሮን ኣብያተ-ትምህርትን ኣብ ቀጻሊ ክእረም ኣተሓሳሲቦም።

ኣስታት 1500 ተመሃሮ ከምእተሳተፉ ዝሓበረ ኣቦመንበር ኣካይዲት ኣካል መምህር ሰለሙን ተኽለሃይማኖት፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ቅነ - ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ደርኺቱ ዝፈጥርን ተመሃሮ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶም ዝጥረይዎ ኩለመዳያዊ ብቕዓት ዘንጸባርቕን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣኼታ ትምህርታዊ ንጥፈታተን፡ ተመሃሮ ዝንባሌታቶምን ብቕዓቶምን ዘፍትሹሉ ባይታ ብምፍጣር ክሰርሓ ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ እቲ ቅነ ንዝሎ ዕቑር ጸጋታት ዘኮልዕ ስለዝኾነ፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ብምዝኽኻር፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታትን ዞባን ዝውደብ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ቅነ ተመሃሮ ንምዕዋት፡ ምምሕዳራት እጃመን ከበርክታ፣ መምህራንን ኣለይትን ድማ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንምስራጽ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቂ፡ ብጉጅለን ብደረጃ ንኡስ ዞባን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዋዲሉ።

# ሪፖርታዥ

ደምሳስ ጸጋይ

ህያብ ብዙሕ እዩ ዓይነቱ! ሰባት ድማ ከም ባህርያቶም፡ ኣተዓባብያኦም፡ ባህሎም፡ … ወዘተ ዝበሃግዎ ህያባት ዝተፈላለየ እዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ወይ ህዝቢ፡ ባህርያቱ፡ ባህሉን ኣተዓባብያኡን ንጉድኒ ጌዲፉ ብሓደ ልቢ ክበህጎ ዝኽእል ህያብ ደኣ ከመይ ዝበለ እዩ!? እቲ ህያብ ግኡዝ ሓመድ እዩ። ግናኸ፡ ተወፋይነት፡ ባህጊ፡ ተስፋ፡ ሕልሚ፡ ፍቕሪ … ደም፡ ኣዕጽምቲ፡ ርሃጽ ናይቶም ቀደምቲ ኣቦታትና፡ ሃገርም ዘቐደሙ ጀጋኑ ሰማእታት ዝተሓዘ፡ ውልቃውነት ዝጸየኑ፡ ሃገራውነት ዝደርዑ፡ ታሪኽ ዝሰርሑ … ትእምርቲ ናይቶም ኣብ ብዙሓ መሬት ኤርትራ ዝወደቑ ጀጋኑ!

24 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ንግሆ፡ 16 ደቓይቕ 16 ተቐበልቲ ሕድሪ መንእሰያትን ናብ ጫፍ ድፍዓት ናይቲ ዘይጽዓድ እምባ ደንደን ይድይቡ እሞ፡ ክልተ ደቓይቕ (ጓልን ወድን) ብኣገባብን ክብርን ኩዒቶም ዕማኮ ሓመድ ድሕሪ ምውጻእ፡ ኣብቲ ንዕኡ ኢሉ ዝተዳለወ ናይ ክብሪ መትሓዚኡ ድሕሪ ምንባር፡ እቲ ሓመድ በቶም 16 ደቓይቕ ተሰኒዩ ኣብ እግሪ ድፍዓት ሪገሉ፡ 16 ተቐበልቲ ሕድሪ መንእሰያት ከም ዝርከብዎ ይገበር - እቲ ቁጽሪ ናይ ተረከብቲ ሕድርን ደቓይቕን (32) ንመበል 32 ጽንበል ናጽነት ዘውክል እዩ።

ብድሕሪኡ ህዝቢ፡ ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታት ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ከምኡ’ውን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንዕማኮ ሓመድ ህያብ ናጽነት ኣሰኒዮም ብድፍዓት ሪገሉ፡ ግሎብን ታባ ሰላምን ሓሊፎም ኣብ ናይ ጽንበል ቦታ - ፈደል ‘ፐ’ ንኣማሓዳሪት ዞባ ብኽብሪ የረክብዎ።

ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፡ ነቲ ህያብ ናጽነት ኣቦታ ኣቐዲማ ካብ ኮሚሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ዝተረከበታ ጸዋእ ህያብ ናጽነት ብኽብሪ ድሕሪ ምንባሩ፡ ጽንበል ህያብ ናጽነት ይኸየድ።

# ህያብ ናጽነት - ህያብ ኵልና

ኣብቲ ሰብሰልጣን መንግስትን ግንባርን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዝተረኸቡሉ ኣብ ድፋዕ ፈደል ‘ፐ’ ዝተገብረ ወግዓዊ ጽንበል ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዘስመዓቶ ቓል፡ ናቕፋ ኣብ 1977 ካብ ጸላኢ ሓራ ምስ ወጸት ንኻልኣይ ግዜኣ ዘይተደፍረት ከተማ ብምዃና፡ ንዓሰርተ ዓመታት ከኣ ድልድልቲ ድፋዕ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኮይና ስለ ዘገልገለትን ከቢድ ማስዋእቲ ዝተኸፍላንን ዞባ ሽዕብ ሓዲራ።

ህያብ ናጽነት ብርእሲ እቲ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ ዘገልገለ ጎቦታትን ሰንጭሮታትን ድሕሪ ዝበረቶ ናይ 58 ኪሎሜተር ጉዕዞ ነፋሪት፡ ንኡስ ዞባ ኣዶብሓ ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን፡ ህዝባውን ምምሕዳርን ኣብታ መበል 25 ዓመት ጽንበል እያቢልዩ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደላ ቅርዓት ድሪት፡ ባህላዊ ኣልባሳት ብዘረ ትግረን ብዓወዳትን ወደዩ፡ ድሙቕ መደባት ባህላዊ ሳዕስዒት ተኸሊሉ ተቐቢሎዎ።




ብምኳና ሓለፋ ከም ዘለዋ ጠቒሱ፡ ፈለማዊት መደብ ህያብ ናጽነት ኮይና ምርቋሓ ዝዋባኣ ምዃኑ ኣገንዚቡ።


ኣስዒባ ወ/ሮ ኣስመረት፡ እቲ ናብ ዑደት ዝብገስ ዘሎ ክቡር ሓመድ፡ ብደምን ኣዕጽምትን ሰማእታት ዝተጨበጠ ረዚን ትሕዝቶ ከም ዘለዎ ገሊጻ።

ሓላፊት ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ብወገና፡ ጽንበል መበል 32 ዓመት ናጽነት “ቅያ ስጡም መሰርዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንምጽንባል፡ ብዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጀሚሩ ናብ ኩለን ዞባታት ዑደት ዝገብርን ምውርራስን ንምክያድ ኣብ ምጅማር ከም ዘሎ ድሕሪ ምሕባር፡ መሬት ኤርትራ ጀጋኑ ዝተኸፍሎ መስዋእትን ዓንደን መኸተ ብምዃኑ፡ ወለዶታት ሕድሪ ሰማእታት እናተወራረሱ ዋሕስ ሰላምን ልምዓትን ኩይኖም ከም ዘለዉ ኣረዲኣ።

ኣብ ምዛዙም ናይቲ ጽንበል፡ ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያዕቆብ እድሪስ - ህያብ ናጽነት ድሕሪ ምርካብ፡ ኣቶ ያዕቆብ ብወገኑ ንተቐበልቲ ሕድሪ መንእሰያት ኣረኪቡዎ።

ብድሕሪዚ፡ ህያብ ናጽነት ብኣማሓዳሪት ዞባ፡ ብ/ጀ/ሓዲሽ ኤፍሬም፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል መልኣከ ተስፋማርያም፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ኣቶ ረዘነ ኣዶናይ፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ዓሊ ሼኽ፡ ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል፡ ከምኡ’ውን ህዝቢ ንኡስ ዞባ ናቕፋን ሰልፊ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ተሰንዩ ብውዕዉዕ ሃገራዊ ሓበንን ስምዒትን ናብ ንኡስ ዞባ ኣዶብሓ ተፋንዩ።

እታ ብ24 ሚያዝያ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ካብ ከተማ ናቕፋ ዝቐለት ህያብ ናጽነት፡ ብሰብስልጣን መንግስቲ ተሰንያ ብፋራት ድሕሪ ዝበረቶ ናይ 20 ደቒቕ ጉዕዞ፡ ንኡስ ዞባ ኣዶብሓ ድሕሪ ምብጻሓ ናብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ (እማህሚመ) ኣምሪሓ፡ ኣብኡ ድሕሪ ምሕዳር ድማ፡ 25 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ነቒላ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ሰንጢቓ ንኡስ




ብድሕሪ እቲ ብስሩዕ ባህላዊ መሰናድኣታት ተሰንዩ ዝተኻየደ ጽንበል፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያዕቆብ እድሪስ ንህያብ ናጽነት ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣዶብሓ ኣቶ መሓመድ ዑመር ድራር ኣረኪቦዎ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ድማ፡ ካብ ንኡስ ዞባ ኣዶብሓ ነቒላ ናብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ ኣምርሐት እሞ፡ ነቲ ንልዕሊ ሓሙሽተ ዓመታት ምስ ጸላኢ ብርቱዕ ምርብራባት ዝተገብረሉን ከቢድ መስዋእቲ ዝተኸፍሎን ታሪኻዊ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ን17 ደቒቕ ድሕሪ ምብራር፡ 45 ኪሎሜተር ተጓዒዛ ንኡስ ዞባ ቅሮራ በጺሓ፤ ኣብኡ ድማ ብባህላዊ ሳዕስዒት ብዘረ ትግረን ራሻይዳን፡ ከምኡ’ውን ስሩዓዊ መሰናድኣታት ህዝብን ምምሕዳርን ተቐቢልዎ።

ብድሕሪ እቲ ዝተኻየደ ጽንበል፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣዶብሓ ኣቶ መሓመድ ዑመር ድራር ንህያብ ናጽነት ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ቅሮራ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ድሕሪ ምርካቡ፤ ሕድሮ ህያብ ናጽነት ኣብ እማህሚመ ኮነ።

ንጽባሒቱ፡ 25 ሚያዝያ፡ ኣብ ሰዓታት ንግሆ፡ ህያብ ናጽነት ብልዕሊ ሩባታትን ሰንጭሮታትን ሕሽክብ በረራ፡ 108 ኪሎሜተር ድሕሪ ምጉዓዛ፡ ድሕሪ ናይ 30 ደቒቕ ጉዕዞ ምምሕዳር ከባቢ ቃምጨዋ- ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት በጺሓትሉ እሞ፡ ንሓጺር ግዜ ኣብኡ ኣብ ዘዕረፈትሉ እዋን፡ ህዝቢ ብውዕዉዕ ባህላዊ ደርፍታትን ሳዕስዒትን ተቐቢልዋ።

ብድሕሪኡ ናብቲ ህዝቢ ብውዕዉዕ ባህላዊን ስሩዓውን መሰናድኣታት ህያብ ናጽነት ንምቕባል ዝጽበዩሉ ዝነበረ፡ ኣብ 1988 ህግሓኤ ን ‘ናደው እዝ’ ዝደምሰሰሉ ታሪኻዊ ቦታ - ክሳድ ዓሸርም፡ ድሕሪ ናይ 10 ኪሎሜተር፡ ከምኡ’ውን ናይ ሓሙሽተ ደቒቕ ጉዕዞ ዓለበት፤ ወከል ንኡስ ዞባ ቅሮራ ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ ድማ ህያብ ናጽነት ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ መሓመድኑር ረጃብ ብወግዒ ኣረኪቡዎ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ፡ ህያብ ናጽነት ድሕሪ ናይ 54 ኪሎሜተር ጉዕዞ (20 ደቒቕ በረራ) ብልዕሊ እቲ ኣብ ፈለማ ሰብዓታት መደበር ታዕሊም፡ ድሒሩ ኣብ 1990 ግዜያዊ ሕክምና ዝነበረ ከባቢታት ሩባ ዒን በረራ ሽዕብ መንሸብ በጺሓ፤ ኣብ ፊት ናይቲ ኣሰከሬን ግዳያት ግፍዒ ጸላኢ ዝሸፉ ዜጋታት ዝዓረፈሉ ቅርዓት ከኣ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ መሓመድኑር ረጃብ ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ኣቶ ኣብባከር ኢብራሂም ኣረኪቡዋ፤ ህዝቢ ከኣ ብባህላዊ ሳዕስዒታትን ስሩዓዊ መሰናድኣታትን ተቐቢልዋ።

እታ ጸዋእ ብ25 ሚያዝያ ኣብ ሽዕብ ድሕሪ ምሕዳራ፡ ብ26 ሚያዝያ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ብናይ መሬት ጉዕዞ፡ ነቲ ቅዲ ሑጻ ስርሒት ፈንቅል ዝተኻየደሉ ከባቢታት ሩባ ቅንጻል ረገጻ ገድገድን ሸባሕን ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ህዝቢ ድሙቕ ኣቀባብላ ገይሩላ። ኣብ መትከል ኣቤት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ኣቶ ኣብባከር ኢብራሂም ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ሓጂ ኣረኪቡዋ።

ብድሕሪዚ ጸዋእ “ህያብ ናጽነት”፡ ነቲ ህግሓኤ ንወደባዊት ከተማ ባጽዕ ንምቁጽጻር ዝቖረጾ ጽርግያ ጋሕቴላይ ሐዚ ናብ ጊንዳዕ ብምቕናዕ፡ ብታሕታይን ላዕላይን ደንጎሎ ኣቢሉ፡ ኣብቲ ከቢድ ኩናት ዝተኻየደሉን ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎን ግንባር ጊንዳዕ፡ ባህላውን ስሩዓውን መሰናድኣታት ጽንበል ኣቀባብላ ተገይሩላ።

ሓሙስ 27 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ፡ ኣብ ጊንዳዕ ጋሕቴላይ፡ ደንጎሎ ታሕታይን ላዕላይን ብህዝቢ፡ ሰራሕተኛታትን ኣባላት ሓይሊታት ምክልኻልን ምፍናው ምስ ተገበረላ፡ ኣብ ማይ-ኣጣል ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ካብ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ተረኪቡዎ።

ጸዋእ “ህያብ ናጽነት” ባጽዕ ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ህዝቢ ኣብ ጎደናታት ወጺኡ ብድሙቕ ኣገባብ ተቐቢልዋ። ካብቲ ኣሰካሕካሒ ግፍዕታት ‘ቀብጽት’ ዝተፈጸመሉ ሜዳ ሲነማ ስጋለት ከኣ፡ ብሰልፊ ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት፡ ሓይሊ ኣየርን ባሕርን ተሰንያ፡ ናብቲ ጽንበል ክግበረሉ ዝተሓርየ ሓወልቲ ሰማእታት ሳሊና ኣምሪሓ፤ ኣብኡ ድማ ባህላውን ስሩዓውን መሰናድኣታት ቀሪቡ።

ብ28 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ፡ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ - ፊት ዳህላክ ሆቴል ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዳህላክ ኣቶ ኣሕመድ ዓሊ ቦጎልያ ምስ ኣረከቦ፡ ብናይ ባሕሪ ጉዕዞ ናብ ንኡስ ዞባ ዳህላክ ኣምሪሓ። ህዝቢ ድማ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጀምሂለ ብየታዊ ትልሂት ተቐቢልዋ።

ጸዋእ “ህያብ ናጽነት” ኣብቲ ናይ 29 ሚያዝያ ጉዕዞኣ፡ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ካብ ንኡስ ዞባ ዳህላክ ነቒላ ንጥንታዊት ከተማ ባጽዕ ሰንጢቓ፡ ነታ ኣብ መፋርቕ 70ታት ኣሰቃቒ ግፍዕታት ጸላኢ ዝተፈጸማ ሕርጊጎ ንጺጋም ጌዲፋ ናብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ድሕሪ ምቕናዕ፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዳህላክ ኣቶ ኣሕመድ ዓሊ ቦጎልያ ንህያብ ናጽነት ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓረፉ ኣብ ላሓዜን ኣብ ዘረከበሉ፡ ህዝቢ ላሓዜን፡ ከምኡ’ውን ዊዓን ገለል-ዊንደን ንህያብ ናጽነት ብሳዕስዒታት ብዘረ ሳሆ፡ ትግረን ራሻይዳን ክቕበልዋ ከለዉ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሓይሊ ባሕርን ድማ ብወተሃደራዊ ሰልፊ ኣድሚቖሙ።



ብድሕሪዚ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ፎሮ ብባህላዊ ሳዕስዒታት ብዘረ ሳሆ፡ ትግረ፡ ዓፋር፡ ትግርኛን ራሻይዳን፡ ከምኡ’ውን ካልእ ስሩዓዊ መሰናድኣታት ዝተሰነየ ውዕዉዕ ጽንበል ተገይሩላ።

ብድሕሪዚ ህያብ ናጽነት፡ ንጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ፡ ዙላን ኣፈራልን ተጉዝጒዛ ድሕሪ ምሕላፍ፡ ኣብቲ ቅድሚ 125 ሽሕ ዓመታት ወድሰብ ንፈለማ ግዜ ጸጋታት ባሕሪ ክጥቀመሉ ከም ዝጀመረ ዝእመነሉ ከባቢታት ዓብዱር ምስ በጽሐት ድማ ህዝቢ ብውዕዉዕ ባህላዊ መሰናድኣታት ክቕበላ ከሎ፤ ኣብቲ ድሕሪ ምዝላቕ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ከባቢታት ዓሱዔላ ኣላጊሳ ድሙቕ ኣቀባብላ ምስ ተገበረላ ባርደሊ በጺሓ፤ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ድማ ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ኣቶ ማሕሙድ ኢብራሂም ኣረኪቡዎ።

ጽንበል ህያብ ናጽነት ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ኣብ ፊት ሜዳ መኩመቻብር ሓርበኛታት ብኽብሪ ዝበለ ባህላዊ መሰናድኣታት ብዘረ ዓፋር፡ ከምኡ’ውን ካልኦት ስሩዓዊ መሰናድኣታት ተሰንዩ ተኻይዱ።

ህያብ ናጽነት ብ30 ሚያዝያ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ግንባርን ሓለፍቲ ማሕበራት፡ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ክልተኡ ዞባታትን ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ጠያ - ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣጋጣሚ፡ ነታ ብ24 ሚያዝያ ካብ ጎቦታት ሳሕል ነቒላ ጉዕዛኣ ብኣየር፡ መሬትን ባሕርን ዘቐደት ጸዋእ “ህያብ ናጽነት”፡ ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ኣስመረት ኣብርሃ ንኣማሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣረኪባታ። በዚ ድማ ህያብ ናጽነት ናይ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጉዕዛኣ ዛዚማ።

## ድልኽ ሓመድ

መሬጠርና ካብ ሓመድ ናብ
ሓመድ
ሓመድ ብሓመዱ ናይ ኤርትራ
ምሕር ሓሊፉ
ትሸዓተ ቀመሙ ፍሉይ መቐረቱ
ብርሃጽን ደምን ስወኣት ተደሊኹ
ነባሪ ግምጃና ይውሓስ ተገምጂዩ

ኣብታ ጸዋእ ህያብ ናጽነት
ተራኺቦም! ሓመዶም እናሃቡ
ተራኺቦም! ደቓሉ ምስ ሓብቱ
ሓዉ ዋርሳይ
ተራኺቦም! ደቓሉ ምስ ወዱን
ጓሉን ዋርሳይ
ኣብ ጸዋእ ህያብ ናጽነት
ኣዋጊዖም ኣብታ ጸዋእ ህያብ
ናጽነት
ግልጺ ብግልጺ ስምዒቶም
ደርጉሖም
ናይ ውሽጥን ጎደቦን ገምጊሞም
ኣውራ ግና ናይ ውሽጢ
ኣድሊሎም
ቀንዲ ንሱ ምዃኑ ባዕሎም
ተመኪሮም

ኦ ህዝበይ!
ዕማኮ ሓመድ፡ ነቐምጥ ኣብ ገዛና
ጸባሕጸባሕ ምስኡ እናዋጋዕና
ብኣደና እናዳህሰስና፡ ምስሎም
እናቐረጽና
ሰሞም እናደመጽና፡ ንበሎም ኣለና
ንሱ’ዩ ፈዋሲ ዳዋና ልጓም
መኣዘዝና
ካብታ ጸዋእ ህያብ ናጽነት ይቃላሕ
በቲ ድልኽ ሓመድና፡ ኤርትራ
ደኸኑዋ
በቲ ድልኽ ሓመድና፡ ሰንደቕ
ማሕበራዊ ፍትሒ ኣንግሰላ
በቲ ድልኽ ሓመድና፡ ውሽጣን
ጉዳማን ለስሉዋ
በቲ ድልኽ ሓመድና፡ ስምረትን
መኸተን ደርዕላ
ዓወት ንሓፋሽ ከይግርዝ ሓደራ!!

ተጋ. ሙብራህቱ የሴፍ (ጃን ካርሎ)

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

10ይ ክፋል

ኣብ ዓንቀጽ ታሽዓይ ክፋል ናደዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ብርጌዳት ክፍለ ሰራዊት 52 ካብ ዓረዛ ደምሲሰን ናብ ጋሽ ክወርዳ ከለዋ በዓዚ ጉዕዞ ከም ዝገጠመን፡ ሓደ ብዙሒ ውግኣት ስለ ዝበሩዎ ኣብ ምጻርም ዝሕግዙ ክሳብ 500 ብዙበዙሑም ጉርር ክሳብ ሩባ ፈርፈር ከም ዝተሰኽፉ፡ እቶም ጉርር ናብ ዓደም ምስ ተፋነዉ ግን እተን ሓይልታት ውጉኣተን ባዕላተን ጸይረን ክጉዓዛ ምጅማረን፡ ኣብ ምልዓል ባሪሉታት



ግን ተሰኪሞት ጾር ክፈኽሰሎም ምእንቲ ተቐዳዲሞም ኑዩም ቀንጸሉት ውጉኣት ኣለልዒሎም ክብቶጹ ስለ ዝተራዩ ሓላፊ መብጣሕቲ ኣሃዱ ናብ ሓለፍቲ ሰራዊት ጥርዓን ከም ዘቕረቡ ... ኣዘንቲና ነይርና። መቐጸልታኡ እንሆ፦

እቲ ክፍለሰራዊት ካብ ዓረዙማይደማ ናብ ጋሽ ድሕሪ ምውራዱ፡ ሰራዊቱን ክፍልታቱን ኣብ ዓድታት ሰፍኣ፡ ዱዱ ፋውሊና፡ ዓዲማእለል፡ ጸላሉ፡ ሸላሎ፡ ጀርበትን ሃዳሙን ኣዕረፈ። ሓደሽ መደባት ክሳብ ዘውጽእን ውጉኣቱ ክሳብ ዘሕውን ንውሱን መዓልታት ኣብዚ ዝተጠቕሰ ከባቢታት ድሕሪ ምቕናዩ፡ ናብ ክልኩን ከርከቢናን ገጹ ኣቀመተ።

እቲ ንመዓስከር ጸላኢ (ክልኩ) ክዝርም ዝቖለ ሰራዊት ናይ ብርጌድ 45 ጥራይ ነበረ። ብደረጃ ሓበሬታን ንድፍን ዝተሳተፉ ካልኦ፡ መራሒ ብርጌድ ዞባ ምዕራብ፡ ከምኡ'ውን ኣባላትን መራሕትን ስለያ 72 ናይቲ ዞባ ነበሩ። ኣብ ልዕሊ'ዚ ዝተጠቕሰ ብርጌድ ብደረጃ ተዋጋኢ ሰራዊት ዝተሳተፈ ተወሳኺ ኣሃዱ እንተ ነይሩ ግን ምናልባት ኣጋር ከቢድ ብረት ክ/ሰራዊት 52 ጥራይ እዩ። በጦሎኒታት ናይቲ ብርጌድ፡ ካብ ዓዲ ማእለልን ከባቢኣን ተበጊሱ ብውዳስ ኣቢሉ ጋሽ ወሪደ'ሞ ናብ ኣንፈት ሽቶታቱ ተዘርገሐ። ሩባ ጋሽ ንክልኩ ተቐጺቲዋ'ዩ ዝሓልፍ።

ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ሓለፍቲ ሓይልታት ብርጌድ 45 ሸቶታቶም ክርእዩ ዕድል ኣይነበሮምን። ንኣቶምን ሰራዊቶምን ብመራሕቲ መገዲ ተሓጊዞም ቀጥታ ናብ ሸቶታቶም ክጉዓዙ ሓደሩ። እቲ ዝሕለፍ ዝነበረ መንገዲ ብዙሕ ባህርያዊ መሰናኽላት ዝነበሮ እዩ። እቲ በረኻቲ ታቢታት በዘየሎሙ ናይ ዝበቖለ ሳዕሪ ዝተፈላለየ ሕብሪ ሐዘ ነበረ፡ እቲ ናይ ዝሓለፈ ክረምቲ ሓድሽ ሳዕሪ ጨዓይ ሕብሪ፡ እቲ ናይ ቅድሚኡ ዓመት፡ ካብኡ ድኅበን ዝበለ፡ ናይ ቅድመ ቕድሚኡ ድማ በናውን ትሕቲ ኩሎቶም ዝተጸፈረ ...

ኩይናም ሓድሕዶም ምስ ተደራረቡ ኣብ ስጉንጅ እምባር መሬት ትሮጽ ዘለኻ ኣይጥዕመካን። ኣራዊት ተመኡ ጉዙበል ከይረኽቡኻ ዘፍርሕ እዩ። ከም ግለ ኣሉ ሓደጋ ባርዕ ከይፍጠር'ሞ ሓደጋ ከይወርደካ'ውን ዘሰግእ ከባቢታት'ዩ ዝበረ።

ሰለት ኢልካ ጥሪት ዝጣሕሰሶ መንገዲ ትረኽብ'ሞ መሬሑ ናብ ሰናጭሮን ሩባታትን የእትወካ፡ ንሓጺር ግዜ በቲ ኣግራብ ዓየን ሕሞርን ዝጠዝሓ ሩባታት ተመሪሕካ ክትጉዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እንደገና ኑቲ ውሕጅ ሸርሺሩ ሓመዱ ዝወሰዶ ህጉም ምወት መሬት ተኸቲልካ ካብቲ ኣኢጋርካ ንድሕሪት ዝኾተት ሐዳ ተናጊፍካ ናብቲ ናይ ሳዕርን ቆጥቋጥን ጣሻ ትድቕድቕ። እቶም መራሕቲ መንገዲ ከመይ ገይሮም እቲ ኣንፈት ይርድኡዎም ነይሮም ክሳብ ዝርመካ ሓጸልጸል እናበልካ ትምርሽ፡ ናይ ቆጥቋጥ፡ ሳዕርን ኣግራብን ጣሻ ዝጠዝሓ ብምንባሩ፡ ኣብ መንገዲ መስርዕ ምስ ዝበተኽ ሳዕቤናቱ ቀሊል ኣይኮነን። ዘኸተሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት'ኳ ከም ዓቢ ኣይጸብጸብ'ምበር ከምቲ ንሓንቲ ጋንታ ናይ በጦሎኒ 1-45 ዘጋጠማ ግዜያዊ ዕንቅፋትስ ግዜያዊ ሽበድበድ ፈጢሩ ነይሩ እዩ።

እታ ጋንታ በቲ ጸልማት ሓድሕድ ኣባላታ ተሓላሊያ ናብ ሸቶኣ ትጽጋዕ ነበረት። ሽዑ ኣብ ቅድሚት ናይ ሓንቲ ጋንታ ተሰሪዓ ክትጉዓዝ ዝጀመረት ብጻይቲ፡ መን ምኳኑ ብዘይተፈልጠ ኣካል ብወገን ድሕሪታ ዘለል ኢሉ ብዘበረ ጥዋይ ዝጸላኣ ሐዘ ንድሕሪት ሰሓቡ። ንሳ ድማ ኣብርኽ ዝተባህለት መሰላ'ሞ ብሕሹኽታ "ሕራይ" ክትብል መልሰ፡ ብምሃብ ኣብ ብርካ ተኾየጠት። እቲ ኣሰራ ተኸቲሉ ዝጉዓዝ ዝበረ መሳርዕ'ውን ጉዕዞ ኣቋረጹ ኣብርኸሉ። ድሕሪ'ዚ መራሕቲ መሳርዕን ጋንታን ንቕድሚት ናብታ ብጻይቲ ሓለፎም ብናይ መን ትእዛዝ ከም ዘብርኸት ሓተቱዋ። ንሳ ድማ ድሕሪኣ ተኸቲሉ ይጉዓዝ ብዝበረ ብጻያ ንድሕሪት ከም ዝተሳሕበት ኣመልከተት። ድሕሪ ሓደ ኽልተ ምምልላስ ግን እቲ ኮፍ ንኽትብል ዝበረ ጠንቂ ከም ኢድን ፈንጅን ኣብ ግብሪ ተረኽበ። እቲ ብጥዋይ ዝጸላኣ ንድሕሪት ሰሓቡ ኮፍ ክትብል ዝበረ፡ ተጋደልቲ "ንረዳዳእ" ዘጠመቑዎ ቀንጡብ (ኣሻሹ ገረብ) ጌና እቲ ሃገር እናተጻረየ'ውን ከሰው ኣብሉ ሐዘዋ ኣብ ግብሪ ተረኽበ፡ ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ሓድሕድ ጋንታታት ናይታ ሓይሊ ዘይምርኻብ ኣኸተለ።

ኣጉባብ ኣሰላልፋ ናይቲ መጥቃዕቲ ቅርጺ "ሀ" ዝሓዘ ነበረ። ማእከል ዝተሰለፈ በጦሎኒ 2-45 ክኸውን ከሎ፡ ካብ ባርንቱ ረዳት ከይመጽእ ቅድሚት ገጹ ዝተወርወረ ድማ በጦሎኒ ሰለስተ እዩ። ጸላኢ ፍሉጥ መከላኸሊ ድፋዕ ኣይነበሮን። እቲ ውግእ ፍኸሰ ዝበለ ይመስል'ኳ እንተ ነበረ ግን



ጸላኢ ንሓጺር ግዜ ትርር ዝበለ ጸረ-መጥቃዕቲ ክወስድ ፈቲኑ ነበረ። ናብ ወገን ምዕራብ ናይ ክልኩ ካብ ዝዘርጋሕ ተረተር ታቢታት ዝተበገሰ ሓይሊ ጸላኢ ቅርጺ ርእሲ ኩናት ገይሩ ትጸበት ዘይተጉብረሉ ፈተነታት ገበረ። ብሓፈሻ ግን እቲ ውግእ ካብ ክልተ ሰዓታት ንላዕሊ ኣይከደን።

ዝጠዝሑ ኣባላት ናይቲ ኣብቲ ቦታ ዓሪዱ ዝጸንሐ ብርጌድ ጸላኢ ዕጡቃት ደቂ ሃገር (ደቂ ብዙር ኩናማ) ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ሰድራቤታቶም ተማሊኦም ኑታ ዓዲ ጉዳፎማ ናብ ባረንቱ ሃደሙ። ግን፡ ኑተን እንስሳታት ጥራዮም ክማልኡ ዕድል ኣይነበሮምን። ብድሕሪኦም ኑቲ ዓዲ መሊኣናኣ ነበሩ። ተጋደልቲ፡ ኑተን ጤለበዕ ናይቶም ምስ ጸላኢ ዝዓጠቑ ደቂ ሃገር ክወስዱወን'ኳ ሓሰቦም እንተነበሩ፡ ግን እተን ኣብ ሻተ (ጥቓ ክልኩ ትርከብ ዓዲ) ዝቐመጣ ኣደታት ደቂ ብዙረ ትግርኛ ስለ ዝተቓወማ ገደፋወን። እተን ኣደታት ዘቕረብኦ መጉት፡ "እቶም ዕጡቓት ናብ ቤቶም ምስ ተመልሱ ሕንሕነ ተግባራት ተጋደልቲ ጥራትና ናይ ምዝማት ሰገምቲ ክወስዱ እዮም" በሃልቲ ነበሩ። በዚ ምኽንያት፡ እቶም ተጋደልቲ'ውን "ምእንቲ መንነ ትሕለፍ ኣንጭዋ" ኢሎም ኑተን ጥራይ ካብ ምውሳደን ተቐጠበ።

ክፍሊ መብጣሕቲ ኣሃዱ ክፍለ ሰራዊት፡ ኣብ ሓደ ሰንጭሮ ቴንዳኣ ጉቲራ መሳርሒታታ ኣዋዲዳ ውጉኣት ክመጽኡዋ ትጸበ ነበረት። ድሕሪ ካብ ዓረዛ ናብ ጋሽ ምውራዳ ኣልኣዛር ግርማይ (ወዲ ግርማይ) እዩ ከም ሓላፊ ናይታ ኣሃዱ ኮይኑ ተመዚዙ። ኣብቲ ክልኩ ትካየደሉ ዝበረት መዓልቲ'ምበኣር ወዲ-ግርማይ ዝመጽእ ትእዛዝን ኩነታት'ቲ ወግእን ንምክትታል ናብቲ እቶም ኦፐሬተራት ራድዮ ርክብ ዝተኸለሉ ብሳዕሪ ናብ ጣሻ ዝተቐየረ ጎቦ ደየበ። ኣብ ጥቓ'ታ ራድዮ ርክብ ድሕሪ ምብጻሑ ግትር ኢሉ ደው በለ'ሞ፡ ሓንቲ ኢዱ ሸምጡ ብምሓዝ ናብ ጸሓፊ ናደዚ ዛንታ እናጠመተ፡ "እሂ ሽሞንዲ፡ ረኺብኩሞምዶ?" በሎ። ሽሞንዲ ኑታ ረድዮ ወሰዕ ስራሑ እናገበረ፡ "እወ ረኺብናዮም ኣለና" መለሰ።

ኣብቲ ሰዓት'ቲ ኦፐሬተራት ራድዮ ርክብ ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤልን ሽሻይ ሰለሙንን እዮም ዝነበሩ። ሽሻይ ሰለሙን፡ ድሕሪ መጥቃዕቲ ዓረዛ ንራድዮ ኦፐሬተር ምሕረት ንጉሰ (ማንደብል) ብምትካእ'ያ ምስ ወዲግርማይ ካብቲ ኣብ ሃዳሙ ዝበረ ማእከላይ ሕክምና ክፍለ ሰራዊት ናብ መብጣሕቲ ኣሃዱ መጺኡ። ወዲ ግርማይ መልሲ ሽሞንዲ ድሕሪ ምስማዕ ናብታ ምሕደግ ኢላ ጸጥታ ከበቢ ትካታተል ዝበረት ሽሻይ ሰለሙን ገጹ ቀጸለ፡ ንዓኣ ሓሲፉ'ውን ግራቱ ዝኾልል ዘሎ ሰብኣይ ክመስል ናብ ኩሉ ኣንፈታትን ጉምጉምን ናይታ ጎቦ እናተዘዋወረ ብዙርያኣ ኮሎ።

ኮሊሉ ክምለስ ከሎ ኸኣ ኣብ ሸወሹ ዘይተኣደነ ጸጉን ወይ ጠቐገ ሳዕሪ ጠቢቖዎ ደረኣ።

ዳርጋ ናብ ፍርቂ መዓልቲ ተጺጋገዑ ስለ ዝበረ፡ መሬት መረር ጨፈራታት ጸሓይ ኣንጊዳ ደሮ ብርቱዕ ዋዒ ክትተፍእ ጀሚራ ነበረት። ወዲ ግርማይ፡ ኮሊሉ ድሕሪ ምምላሱ እንደገና ኣብ ርእሲ'ታ ራድዮ ደው ብምባል፡ ብኸልተ



መታልሐ ንዙረደ ረሃጹ ብኢዱ እናጸገ፡ "እሞ ዝመጽኡ መልእኽቲ የለን?" ክብል ሕጂ'ውን ንጸሓፊ ተወከሶ። ወዲ ግርማይ፡ "ሕጂ ተቐቢለ ኣለኹ፡ ግን ኣይፈታሕኩዋን ዘለኹ ቀሪብ ተጻዊየ" ዝብል መልሲ ስለ ዝረኸበ፡ ክሳብ'ታ መልእኽቲ ተተርጉማ ትዋጸ ዝተረበጸ መሰለ። ኣብ ጥቓ ኦፐሬተር የማን ጺጋም እናበለ ተጸዊዩ'ሞ፡ እታ ካብ እዚ ክፍለሰራዊት ዝተላእከት ሓጻር መልእኽቲ ተነበበትሉ። ትሕዝቶኣ "ውጉኣት ቀጥታ ናብ ዓዲማእለል ይሓልፉ ስለ ዘለዉ ኣብኡ ተዳሊኹም ጸንሕዎም" ትብል ነበረት። ድሕሪ'ዚ "ንኺድ'ምበኣር" ኢሉ ኑቶም ኦፐሬተራት ቀዲሙዎም ካብታ ጎቦ ንታሕቲ ክወርድ መረሐ።

እቶም ኣብ ታሕቲ ኮይኖም ውጉኣት ክጽበዩ ዝወዓሉ ኣባላት ሕክምና እቲ ዝወዓለ ኩነታት ኣርሚሙዎም ነበሩ። ፍርቂ መዓልቲ ሓሊፉ ስለ ዝበረ ኣብቲ ሰዓታት'ቲ ውጉኣት ክበጽሑዎም ነይሩዎም። ግን ብዘይካ ሓደ ተኾብኪቡ ዝመጽአ ምሩኽ ኤርትራዊ ዕጡቕ ጸላኢ፡ ናብቲ መብጣሕቲ ክፍሊ ተወር ኢሉ ዝመጽአ ጥዑይ ኩነ ዝቖሰለ ተጋዳላይ ኣይነበረን። እቶም ኣባላት ትጸበት ነዊሑዎም፡ እቶም ተጫረቕቲ፡ "ኣንጺፍካ ቀልጭ'ያ ናይ ሎምመዓልትስ" እናበሉ ይሰሕቁ ነበሩ። ወዲግርማይ ምስቶም ምልክት ተመራሪሖም ክመጽኡ ካብ ማዕዶ ምስ ተመልከቱ ግን ምንቅስቓስ (ጉዕዞ) ክሰዕብ ምኳኑ ገመተ።

ከምቲ ዝገመቶ ድማ ኩሉ ሓሳፊኦም ጌና ናብኦም ከይተጸንበረ ንወዳፈተውራርን ንዶክተር ክብሮም (ቅሱንን) ጸውዮም'ሞ፡ ብደዎም ሓጺር ተዘራረቡ። ድሕሪ'ዚ ኣባላት ንበረቶም ክጥርንፉ ስለ ዝተዋገርም ሽበድበድ ኩኑ። እታ ኣሃዱ፡ ንበረታ ኣብ ኣግማል ጽዒና ኣብ መንጎኣ ብሓደ ተጋዳላይ ዝተዓጀበ ምሩኽ ኤርትራዊ ዕጡቕ ጸላኢ ተማሊኣ ናብ ዓዲማእለል ኣምረሐት። እቲ ካብ ከባቢ ዓዲ ጸላለ ንቑላ ናብ ከባቢታት ክልኩ ክትቀርብ ከላ ሸመንተ ሰዓታት ዝወሰደላ መንገዲ ሕጂ ግን ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰዓታት ጸንቀቕዮ። ኣብ ትሕቲ ብርሃን ጸሓይ ዓዲ ማእለል ክትኣቱ ኸላ ድማ ኣብ ኣጠማምታ ህዝቢ ክልተ ዓይነት ዝሓበራቕ ተራእየ። እቲ ቀዳማይ ዝሓበራቕ

እቲ ልሙድ ብሩህ ህዝባዊ ኣቀባብላ ነበረ። ንግዚያዊ መቐበሊ ውጉኣትን መጽለሊ ኣባላትን ዝኸውን ጎዛውቲ ክሕተት ከሎ፡ እቲ ህዝቢ ልዑል ምትሕብባር ይገብር ነበረ። እቶም ተጋደልቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ህድሞ፡ "ኣደ፡ ኣብዚ ገዛኺ እንተጸለልና ዘጸግመኪዶ?" ተባሂሉ ኣብ ዝሕተተሉ ግዜ፡ "እሸግረኩምዶ ጸገም ኢኹም!? እተወዎ ደኣ፡ ገዛኹም ዘይኣተኹም እንዳመን ክትኣትዉ፡" ዝብል መልሲ ይቕበሎም ነበሩ።

እቲ ካልእ ካብ መንጎ'ቲ ህዝቢ ዝረኣ ዝበረ ፍልይ ዝበለ ዝሓበራቕ ድማ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ምሩኻት ደቂ-ሃገር ዝበረ ኣጠማምታ እዩ። ኣብ ዓዲ ማእለል ኑቶም ምሩኻት ዝኸውን መጽለሊ ተፈልዩሎም ናብ ሓደ ህድሞ ኣትዮም ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ነበሩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ሓንቲ ኣብ ዕድመ ኣርብዓታት ዝኾነት ሰበይቲ ካብ ጎረቤት እቶም ምሩኻት ተታሒዞምሉ ዝበሩ ህድሞ ወጺኣ ናብ ሓንቲ ብርክት ዝበሉ ተጋደልቲ ዘጽለላ ገዛ ኣምርሐት። ክሳብቲ ቀጽሪ ትብጽሕ ሰምዒት ነድሪ ከም ዝበራ በቲ ቕልጣፈ ኣሳጉማኣን ብምእሳር ገጻን ትፍለጥ።

ኑዩም ኣብቲ ገዛ ኣዕሪፎም ዝበሩ ተጋደልቲ ሓጺር ሰላምታ ድሕሪ ምልጋስ ናብተን ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝበራ ዋና ገዛ ዓባይ ሰበይቲ ሓለፈት። ልዓት ገዛ ከይተሳገረት ጀሚራ፡ "ኣደ ድሓንዶ ወዒልኪ!?" ክትብል ከላ ሓይሉ-መልጢ ዝበሮ ድምጺ እዩ።

"እማስገን ኣምላኽ! ከመይ ትውዕሊ፡ እተዊ፡"

"ኣቲደ! ርኢኽዮምዶ ዝኣም ምሩኻት?"

"ኣይረኤኹን! እንታይ ዝኾኑ'ዮም?"

"ሰለስተ ተማሪኾም ሻዕብያ ድማ ኣብ እንዳ ኣያይ ገዛ መዕረፊ ሂቡዎም ለጥ ኢሎም ደቂሶም ኣለዉ"

"ዶ? ኣነስ ኣይረኤኹዎምን" ብምባል እተን ሰበይቲ ዋዒዝን ይጉብራ።

"ኣቲደ! ኣይገርመክንዶ?"

"እንታይ ዘገርም ኣሎኒ? ናይ ድሓን ዲኺ ኣቲ ቖልዓ!"

"ስምዒ'ሰከ ኣደ፡ ዝዓ ሰብኪ ማልኪ ዝሓረደትኒ ዝዘመታትኒ ኩናማ ድኣ እንታይ ክብረት ኣድልዩዎ'ዩ ክንደዚ ቅብጥር!"

"እንታይ ደኣ ክንብሩዎም ደሊኺ ክቕትሉዎም?"

"እወ!"

"እሞ ምስ ኣምሓራ ዓጢቖም ዘለዉ ኣሕዋትካን ደቂ-ሓወቦኻንዶ ክጽብጽበልኪ? ንሳቶምከ ይቕተሉዶ!? እሰኪ ሃለውለው ከይበልኪ ከይለይ!" ኢለን ብቓላተን ገጨባኣ።

"ወይለ'ዛይ፡ ምስ ጸላኢ ኮይኑ ኣዱ ዝሓወሰ ድኣ ጋሕ ይብል ግዲ!" በለታ።

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ኣቶ ቢንያም በርኸት ፍረዝጊ፡ ኣደይ ኢትዮጵያ ዘወልዲ ተከኤ ስለዝዋረሬት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/2023 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ፋጥማ መሓመድ ሳልሕ ምግል ተረፉ፡ ሐሩያ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ጸገዝኣስ ክፍሎም ምራጭ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዑቕባማርያም ኣረጋዊ ገረህሳ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኑቢያት ወልደሃንስ በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋይ ፍስሃዬ ጉብረእየሱስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ኤልሳ በኹረጼን በርሀ፡ በዓልቤተይ ከሱተ ጉብሩ ከበደም ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ እማን ሃብተገርግሽ በዓል-ቤተይ ኣቶ ፍስሃዬ በራኺ ድራር ስለዝዋረረ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቶም ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

የሴፍ ከሱተ ወልደጉብርኤል ምግል ተረፉ፡ ብንያም ከሱተ ወልደጉብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ክሳድ እምባ ን/ዞባ ሰንዓፈ

ተስፋማስቀል ገረማርያም ካሕሳይ፡ ወደይ ተጋ/ኣንከሶም ተስፋማስቀል ገረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጸገ ኣብርሃ ኣለሙ፡ ተኸሳሲ ክፍላይ ኣርኣያ ኣስገዶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ቅዱሳን ሃይሉ ባይሩ፡ በዓል ቤተይ ኣብርሃም ሃይሉ ጉብረ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቀይ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ይኹን ገንዘብ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳንባ-ምጭ

ኣቶ የማን ታፈረ ጉብረሚካኤል፡ ኣደይ ኣለፈሽ ገ/መድህን ሃይለማርያም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ስዑዲ ሳልሕ እድሪስ ምግል ተረፉ፡ ሳዕድያ ሳልሕ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀይሕ ባሕሪ ባጽዕ

ጠይባ ዐስማን ኣድሪሱ፡ ትሕተ ዕድመ ወደይ ሙራድ ሓምድ መሓመድ ምግል ተረፉ፡ ዓብዱሰላም ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራህዋ ምላታ ምግል ተረፉ፡ ራህዋ ብልሃቱ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሑርያመሓመድዑስማንመሓመድሓቢብ ምግል ተረፉ፡ ሰመያ መሓመድዑስማን መሓመድሓቢብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ መሓመድ ኣሕመድ እድሪስ ምግል ተረፉ፡ ሓምድ ዓብደልቓድር ማሕሙድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ኢያብ ሃብተማርያም፡ ኣቶ እስጢፋኖስ ብርሃ ኣብርሃም፡ ብዝዕባ ትሕተ ዕድመ ወድኻ ኖህ እስጢፋኖስ ብርሃ ብዝምልከት ብቤተ ዘመድ ሽማግለታት ንወ/ሮ ወይኒ ኢያብ ሃብተማርያም ዝተወሃበ ናይ ሞግዚት ሹመት ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ን22/5//23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሰላማዊት የውሃንስ ኢያሱ፡ ኣቶ እስጢፋኖስ ብርሃ ኣብርሃም፡ ብዝዕባ ትሕተ ዕድመ ወድኻ የኣብ እስጢፋኖስ ብርሃ ብዝምልከት ብቤተ ዘመድ ሽማግለታት ንወ/ሮ ሰላማዊት የውሃንስ ኢያሱ ዝተወሃበ ናይ ሞግዚት ሹመት ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ን22/5//23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ 03 ከረን

ኣቶ ምንዳል ኣስረዲን ጉብረክርስቶስ፡ ሓፍትና ኣሙተ ኣስረዲን ስለዝዋረረት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ሃብቲ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ 02 ከረን

ወ/ሮ ኤልሳ ሰረቐብርሃን ጉብረሚካኤል፡ በዓልቤተይ ሓጎስ ዓንደጸዮን ዘሞሉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓሊግድር

ወ/ሮ ሰናይት ተስፋገርግሽ ወደይ ሳሚኤል እስጢፋኖስ ተኽለ ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ወራሲቱ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

ትሕተ ዕድመ ሚሮን ፍረዝጊ ወልዳይ ብመንገዲ ሕጋዊ መገዚቱ ወ/ሮ ፍትሓዊት ዓንደማስቀል ደብሩ ኣብሉ፡ ስመይ ሚሮን ፍረዝጊ ወልዳይ ምግል ተረፉ፡ ሚሮን ዘርእዝጊ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ተሰነይ

ኣቶ ተወልደብርሃን ዘርእሰላሴ ስዓሃራይ፡ ስም ኣደይ ዑቕባማርያም ሞሳዝጊ በኺት ምግል ተረፉ፡ ለተብርሃን ሞሳዝጊ በኺት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ብስም ነፍ/ሄር ጺጋይ በርሀ ክፍለ ብምስክር መወከሲ ቁጽሪ 530077 ቁ/ምስክር 530198 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሐዚዮ ወይ ረኺቡዮ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07167849 ክትሕብሩኒ፡ እንተዘይተካይዱ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሙተካእታ ክሓትት ምኻነይ የፍልጥ።

ኣቶ ብጽኣምላኽ ጺጋይ በርሀ


---

ኣነ ወ/ሮ ኣበባ ጺጋይ መኮንን ዝተበሃልኩ፡ ብስም ወላዲና ነ/ሄር ጺጋይ መኮንን ዝተመዝገበ ዋንነቱ ቀዋሚ ንብረት ገዛ ብናይ ኮምሽን ምጽራይ ኣባይቲ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 105514 መ/ቁ 124653 ዝተረጋገጸ ኣብ ምም/ ከባቢ ፔጃረት ዝርከብ ቁ/ሎታ 84 ፓርሰል ቢ.ስፍሓቱ 606.26 ት/ሜትር ዝኾነ ናብ ስም ወረስቲ ከሲጋገር ስለዝደለኹ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተኣዊጁ፡፡ ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ መንግስታዊ ኣካል፡ ሕጋዊ መአገዲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ (30) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ኣበባ ጺጋይ መኮንን

---

### ምስጋና



ብመስዋእቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ክቡር በዓል ቤተይ ጉዱም ተጋዳላይ ኣምባሳደር ናፍዕ ሓሰን እድሪስ ኩርዲ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጉዞና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምናን ኣብ ሃገረ ስዑድያ ዘቃበርኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና፡ ሓዘንና ከም ዝጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ የርዳኖስ ካሳ ሃይለሚካኤል
ምስ ምሉእ ስድራቤት

### ምስጋና



ብሞት ክቡር በዓልቤተይ ተስፎም ሃብተሚካኤል (ወዲ ጎጆ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ 4 ኣስመራ መካነ መቓብር ቤት-ጊዮርጊስ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ጉዞና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩምን ኩሉኹም የቐንየልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲቤቱ ወ/ሮ ለተብርሃን ሓደሽ
ምስ ምሉእ ስድራ ቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዋ ኣዴና ትብርህ ተስፋማርያም ሃብቱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ተራእምኒ ዘቃበርኩምናን ንጉዞና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

ወዳ ማዝጊላ ተ/መድህን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅድድም ብሽክለታ ዋንጫ ናጽነት ፈሊሙ

ብምኽንያት መበል 32 ዓመት ናጽነት ዝተወደበ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ብተቐዳደምቲ ጅግጅር ደቂ ተባዕትዮ ፈሊሙ።

እዞም ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ማስመር ኣስመራ - ወኪ - ዒላብርዕድ - ኣስመራ፡ 129 ከሎሜተር ሸፊኖም። ፈለማ፡ ኣብ ሰረጃታ ኣብ መበል 20 ከሎሜተር ተዓልዩ ንዘበረት ናይ ነጥብን ናይ ግዜ መቐሸሽ እተወሀበን ቅጽበታዊ ውድድር፣ ዳኒኤል ርእሶም ካብ ደቡብ፡ ኤርሚያስ ዑቕባይ - ኤሪትል፡ ናትናኤል ጎይትኦም - ኣስቤኮ ተመራሪሖም ተዓዊቶሙሉ።

ኣብ መበል 40 ከሎሜተር ኣብ ዓዲተከሌዛን ኣብ ዝበረት ካልኣይቲ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ፡ መዋእል ግርማይ ብውልቂ መርሃዊ ዞሚካኤል - መደበር፡ ናህም ኪዳነ ብውልቂ ሰለስተ፡ ክልተን ሓደን ነጥቢን ከምኡ'ውን ግዜ ከሲቦም።



ኣብ መወዳእታ ደማ፡ መደሃሌ ተኸለ ካብ ጋንታ ደቡብ ብጠምጋም 36.6 ከሎሜተር እናተጓዓዘ ብ03 ሰዓት 31 ደቒቓን 11 ካልኢትን ክዕወት እንከሎ፡ ብርሃ መሓሪ ወልቁ ርቤል ዳዊት - ሰምበል፡ ኤርሚያስ ዕቑባይ - ኤሪትል፡ ሰም እዮብ - ሰምበል፡ ዳኒኤል እዮብ ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ርቤል ግርማይን ሳይሞን ጴጥሮስን - ደንደን፡ ማትሶላ ኤፍሬም - ኣስቤኮ፡ ሳይሞን ሰንጋል - ደንደን ክሳብ 10ይ ኣትዮም።

በዚ መሰረት፡ ብወሀሉል ግዜ መደሃሌ ክመርሕ እንከሎ፡ ብርሃ ብኽልተ ካልኢት፡ ርቤል ብ27 ካልኢት ድሒሮም ይስዕብዎ። ብወሀሉል ነጥቢ ከኣ፡ ብዘኸታታሊ - መደሃሌ ብ11 ነጥቢ፡ ብርሃን ኤርሚያስን ብተመሳሳሊ ትሽዓተ ነጥቢ ይስዕብዎ። ደንደን ደማ፡ ብ10 ሰዓት 34 ደቒቓን 42 ካልኢትን ብጋንታ ክትመርሕ ከሎ፡ ጋንታ ደቡብ ብ1 ደቒቓን 46 ካልኢትን፡ ኣስቤኮ ብ02 ደቒቓን 09 ካልኢትን ፍልልይ ይስዕባ።


እዚ ውድድር፡ ሎሚ ኣብ ማስመር ኣስመራ ወኪ - ዒላብርዕድ - ኣስመራ ብናይ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ብኽልቲኡ ጾታ ቀጺሉ ክውዕል ምኻኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ሓቢሩ።

## ነይማር፡ ብተዘዋዋሪ መገዲ ንደገፍቲ ፒኤስጂ መሊሱሎም ፒኤስጂ፡ ንተግባራት ደገፍታ ኮኒና

ብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ - ነይማር ጁኒየር፡ ኣብ ኢንስታግራም "ፒኤስጂ ንእሹተይ ክለብ" ንዝብል ጽሑፍ ናይ ፍትወት ምልክት (ላይክ) ብምግባር፡ ኑዩም ኣብ ኣፍ-ደገ ገዛኡ ተኣኻኺቦም ካብዛ ጋንታ ንኽወጽእ ዝጸውዑ ደገፍቲ ክለቡ ብተዘዋዋሪ መሊሱሎም።

ኣብዛ ሰሙን፡ ኣብዛ ፓሪሳዊት ክለብ ኣቐዲሙ ብጉዳይ ሊዮኔል ሜሲ ድራማ መሳል ዜና ተሰሪሑ ነይሩ እዩ፡ ሜሲ፡ ብዘይኣፍልጦ ክለቡ ናብ ሰዑዲ ዓረብ ድሕሪ ምጋሹ፡ ንኽልተ ሰሙናት ምእጋዱ ይፍለጥ። ድሕሪ'ዚ ዜና ምቕላሑ ድማ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ገለ እኩባት ደገፍቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ክለቦም ብምቕናዕ ኑቲ ዝገበሮ መገሻ ክቃወሙ ተሰሚዖም።

ሓደ ካብ ከም'ኹብቲ ተጻወትቲ እዛ ጋንታ ዝኾነ - ነይማር ከኣ፡ ደገመ ሓዲሽ ዜና ንኽሰራሕ ዝዕድም ክስተት ፈጢሩ፡ "ፒኤስጂ ንእሹተይ ክለብ" ንዝብል፡ ናይ ደገፍ ምልክት (ወላ'ኳ ጸኒሑ እንተኣለየ፡ ተራእዩ እዩ) ዝገበረ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ምስ ሜሲ ኣብ ባርሴሎና እንከለዉ ዝያዳ ሕጉሳት ምንባሮም፡ ምስታ እስጳኛዊት ጋንታ እንከለዉ ዝተወሰደ ስእሎም ኣሰኒዩ ለጢፉ፡ ብዘይካ'ዚ፡ "እስኩት ናብ ሰላም እምበር፡ ናብ ህውከት ኣይተእትውዎም።" ክብል'ውን ጽሒፉ፡ በዚ ድማ፡ ኑቲ ጉዳይ ኣንበድቢድዎ ደርኩቡ።



ደገፍቲ ፒኤስጂ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ነይማር

ሜሲን ነይማርን ኣብዛ ወቕቲ ኣብ ገለ ግጥማት ብደገፍቲ ክሽይዱን ምኽንያት ሕማቕ ጉዕዞ ክለቦም ተባሂሎም ክነቀፉን ተሰሚዖም እዮም። ብፍላይ፡ ሜሲ፡ ክለቦም ካብ ሻምፒዮንስ ሊግ ድሕሪ ምውጻኡ፡ ሕልፍ ዝበለ ዘሉፉ ወሪድዎ እዩ፡ እዚ ኣርጀንቲናዊ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ክወጽእ ምኻኑ ትጽበት ክግበረሉ እንከሎ፡ መጻኢ ነይማር'ውን ኣብ ጠልጠል ምህላዉ ይእመት፡ እዚ ክምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፒኤስጂ፡ ንተግባራት ደገፍታ ኮኒናቶ እያ።

## ሞድሪች፡ ንጋንታኡ ተስፋ ሂቡ

ዝሓለፈ ሰሙን ድሕሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንኽልተ ሳምንቲ ካብ ሜዳ ክርሕቕ ከምዝኽእል ዝተገልጸ ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ - ሉካ ሞድሪች፡ ትማሊ ልምምድ ብምግባሩ ንክለቡ ተስፋ ሂብዋ።

መትኒ እዛ ጋንታ ዝኾነ ክሮኤሽያዊ - ሞድሪች፡ ሰለስ ምሸት ብጂሮና 4ብ2 ኣብ ዝተሳዓረሉ ጸወታ እዩ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። በዚ ከኣ፡ ንኽልተ ሳምንቲ ኣብ ናይ ተዛደሶ ግዜ ክጸንሕ ተገሚቱ ብምንባሩ፡ ካብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይን ቀዳማይ እግሪ ሻምፒዮንስ ሊግን ክበኩር ይኽእል እዩ ተባሂሉ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ሞድሪች፡ ቅልጡፍ ምዕባለ ንምርኣይ፡ ናብ ከተማ በልግሬድ - ሰርብያ ብምቕናዕ፡ "ትንግርተኛ ዶክተር" ንዝበሃል ፈላጥ ከምዝበጽሖ ይሕበር ኣሎ። በዚ ከኣ፡ ትማሊ ምስ ደቂ ጋንታኡ ሓቢሩ ልምምድ ከካይድ ስለ ዝተረኣየ፡ ገለ ተኣምራታዊ ምዕባለ/ምምሕያሽ ኣርእዩ ምህላዉ ይጽብጸብ ኣሎ። ጸባሕ ተወሳኺ መርመራ ብምግባር ድማ፡ ኣብዚን ወሰንቲ ግጥማት ኣብርክቶ ክህልዎን ዘይክህልዎን ክፍለጥ እዩ።

ብዘይካ ሞድሪች፡ ድሕሪ ናይ ረቡዒ ፍጻመ ጸወታ ሻምፒዮንስ ሊግ ካብ ሜዳ ርሒቑ ዝጸንሐ - ኣላባ፡ ትማሊ ብዘይ ጸገም ልምምድ ምግባሩን ድልው ምህላዉን ይገልጽ። ናብ ክንፈ ተኸላኻሊ - መንዲ ግና፡ ሕጂ'ውን ግዜ የድልዮ ኣሎ።

ሪያል ማድሪድ፡ ቀዳም ኣንጻር ኦሳሱና ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ድሕሪ ምፍላማ፡ ሰለስ ምሸት ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ማን ሲቲ ክትሳፈጥ እያ። እዛ ጋንታ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፒዮንስ ኤውሮጳ ምንባራ ይዝከር።



## ነገረ ሃላንድ

ኣብዚ እዋን ምስ ሰከይት ኣንጻር ጋንታ 'ኢደን ጓንትን' ኮይኑ ዝርከብ ተጻዋታይ እንተሃልዩ፡ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ - ኤርሊን ሃላንድ እዩ።

ሃላንድ፡ ረቡዕ ምሸት ኣብ ልዕሊ ዌስትሃም 3-ብ0 ኣብ ዝተዓወቱሉ፡ ሓንቲ ሸቶ ብምቑጻር መበል 35 ናይ ሊግ ሸቶኡ ጸምቢሉ እዩ። በዚ ድማ፡ "ኣብ ሓደ ዓመተ-ስፖርት ዝበዝሐ ናይ ሊግ ሸቶታት ዘመዝገበ" ተባሂሉ፡ ጌና ውድድር ከይተዛዘመ ናይ ቅድሚ 28 ዓመታት ክብረ-ወሰን ሰይሩ እዩ። ዝ ታሪኽ ኣላን ሽረር ኣብ ወቕተ-ስፖርት 1993-94፡ ከምኡ'ውን ኣንዲ ኮል ኣብ 1994-95 ብተመሳሳሊ ብዙሕ '34 ሸቶታት' ሒዞም ጸኒሖም፡ እቲ ፍልይ ዝብሎ፡ ኣብቲ ናይ 90ታት ውድድር፡ 22 ክለባት ዝነበራ ኮይነን፡ ሓንቲ ጋንታ 42 ግጥማት ትጻወት ብምንባራ እዩ። ሃላንድ ግና፡ ኣብዚ ክለባት ናብ 20 ወሪደናሉ ዘለዋ እዋን እዩ - እሞ ኸኣ ሓሙሽተ ግጥማት ተሪፍዎ እንከሎ፡ ዝ ክብረ-ወሰን ብስሙ ቀይርዎ ዝርከብ ዘሎ።

ብመሰረት ግምት ብዙሓት ተንተንቲ፡ ሃላንድ፡ ኣብ ዝቕጽላ ሳምንታት'ውን ሓደስቲ ክብረ-ወሰን ክሰብር ይኽእል እዩ። ገለ ካብኡ፥

- ምስ ናይ ፕሪመር ሊግ ክለብ ብምኻን ኣብ ሻምፒዮንስ ሊግ ዝበዝሐ ሸቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ

እዚ ኖርዌጃዊ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብ12 ሸቶታት ሻምፒዮንስ ሊግ ኣብ ቅድሚት ይርከብ፡ በዚ ድማ ምስቲ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ - ሩድ ቫንኒስቴርለይ፡ ኣብ 2002-03 ክሳብ ርብዒ ፍጻመ ከበጽሖ እንከሎ ዘመዝገቦ ብዙሕ ሸቶታት ተመዓራርዩ ኣሎ። ሃላንድ፡ እዚ ክሰብሮ ከኣ፡ ሓንቲ ሸቶ ጥራይ ትተርፎ። ሲቲ፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ጸወታ ይጽበያ።

ክጽዑ'ዛ ክብረ-ወሰን ድማ፡ ኣብዚን ተረፈናኦም ዘለዋ ግጥማት ሽዱሽተ ሸቶታት እንተኣመዝጊቡ፡ "ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝበዝሐ ሸቶታት እዚ ውድድር ዘቑጸረ" ተባሂሉ፡ ኑቲ ብ17 ሸቶታት ብክሪስቲያኖ ሮናልዶ ዝተሰርሐ ናይ 2013-14 ክብረ-ወሰን ናይ ውልቁ ሕዞእቲ ክገብሮ እዩ።

- ዝበዝሐ ሸቶታት ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ኩሉ ውድድራት

ኣብ ዓመተ-ስፖርት 1927-28 ዲክሲ ዲን ዝተባህለ ኣጥቃዓይ ኤቨርተን፡ ኣብ 41 ዝተፈላለዩ ግጥማት 63 ሸቶታት ብምቑጻር፡ ዛጊት ንኣስታት ሓደ ዘመን ዘይተተንከፈ ጥራይ ዘይኮነ ዘይተቐርበ ታሪኽ ኣጽሒፉ እዩ ሓሊፉ። 51 ሸቶታት በጺሑ ዘሎ - ሃላንድ ከኣ፡ ዝ ብዙሕ ክበጽሖ 12 ሸቶታት ይተርፎ። ሲቲ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት ሸሞንተ ግጥማት ክተርፋ እንከሎ፡ ንማድሪድ ሰዒራ ናብ ፍጻመ እንተሰገረት ድማ፡ ታሸዓይቲ ጸወታ ክትህልዋ እያ። ኤርሊን፡ ኣብዚን ግጥማት እዩ ዝ ታሪኽ ክሰብሮ ትጽበት ዝግበረሉ።

- ንዝበዝሓ ክለባት ፕሪመር ሊግ ሸቶ ዘቑጸረለን ተጻዋታይ

ኣንዲ ኮል፡ ሽረር፡ ኢያን ራይት፡ ቫን ፐርሲን ሳላሕን፡ ኣብ ሓደ ወቕቲ ብዘይካ ንኽልተ ክለባት፡ ን17 ጋንታታት እዚ ሊግ (ኣብ ሓዳኡ ወይ ኣብ ክልቲኡ ዙርያ) ሸቶ ብምቑጻሮም፡ ንዝበዝሓ ጋንታታት ሸቶ ዘመዝገቡ ኮይኖም ይርከቡ። ሃላንድ ከኣ፡ ዛጊት ን16 ክለባት ኣመዝጊቡለን ኣሎ። ኣብ ክልቲኡ ዙርያ ሸቶ ዘየመዝገበላ እንኮ ጋንታ፡ ሊቨርፑል እያ - ኣብቲ ሓንቲ ግና ብማስበርቲ እዩ በኺሩ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዘየመዝገበለን እንተኾነ ኣብዚ ናይ ካልኣይ ዙርያ ዝፋለመን ክለባት ቸልሲን ብሬንትፎርድን ከኣ ተረፈናኦ ኣለዋ። ዝበን ክለባት እንተ ኣመዝጊቡለን እዩ ድማ፡ ክብረ-ወሰን ክሕዝ - ብ18 ክለባት።

- ዝበዝሐ ሃትሪክ

ሽረር፡ ኣብ ልዕሊ ዌስትሃም፡ ቶተንሃም፡ ኮቨንትሪ፡ ኖቲንግሃምን ቦልቶንን ሃትሪክ ብምስራሑ፡ ብሓሙሽተ ግዜ ዝ ታሪኽ ናይ ጉዳእ ርእሱ ገይሩዎ ኣሎ። ሃላንድ ከኣ፡ ኣንጻር ዩናይትድ፡ ዎልቭስ፡ ክሪስታል ፓላስን ኖቲንግሃምን - ኣርባዕተ ግዜ ሃትሪክ ሰሪሑ ብምህላዉ፡ ክልተ ሃትሪክ እንተወሲኹ ብስሙ ክቕይሮ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃላንድ፡ ኑታ 31 ናይ ሊግ ሸቶታት ኣመዝጊባ ዘላ ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ክለባት ዝኾነት ቸልሲ በለጸዋ ምህላዉኸ ትፈልጡዶ? በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዚ መንእሰይ፡ ካብዚን ክብረ-ወሰን ክንደይ ክሰብር እዩ ሓቢርና ክንርእዮ ኢና።



### ሓጸርቲ ዜናታት

* ጉዳም ኣከፋፋሊ ክለብ ሊቨርፑል - ጀምስ ሚልነር፡ ኣብ ዝመጽእ ምስዕጋር ተጻወትቲ፡ ብናጻ ናብ ብራይቶን ክጽምበር ምኻኑ፡ ጋዜጣ ጎል ኣረጋጊጹ።

ሚልነር፡ ንሸሞንተ ዓመታት ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ዝመጽእ ወርሒ ሰነ እዩ ውዕሉ ዘብቅዕ። ወላ'ኳ፡ ዓሳሚኡ ክሎፕ ንተወሳኺ ወቕቲ ክጻወተሉ ድላይ እንተነበሮ፡ ዛጊት ግና፡ ሰበስልጣን እዛ ጋንታን ሚልነርን ወግዓዊ ዝርርብ ኣየካየዱን። ኣቐዲሞም፡ ፈርሚኖ፡ ቻምበርለይንን ከይታን ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ብናጻ ክወጽኡ ምኻኖም ተፈሊጡ እዩ።

* ኣርሰናል፡ ካብ ማስርሕ ምስዕጋር እቲ ናብ ሞንዛ ዝሰጋገር ተጻዋታያ - ፓውሎ ማራ ሽዱሽተ ሚልዮን ፓውንድ ክትቕበል እያ - ብመሰረት ጸብጻባት። ማራ፡ ብልቓሕ ምስዛ ኢጣልያዊት ክለብ ዝጻወት ዘሎ ኮይኑ፡ ብቐዋሚ ክሰጋገር ብውልቁ ተሰማሚዑ ምህላዉ ይግለጽ።

* ኣሰልጣኒ ባየር ለቨርኩሰን - ዣቢ ኣሎንሶ፡ "ንነዊሕ ዓመታት ተጻዋታይ ነይረ እየ። ወረን ተራ ዘረባን እዩ። ንዝሓለፉ ወሰናት ኣዋርሕን፡ ኣብዚ እዋንን 100 ሚእታዊት ሓሳበይ ኣብዛ ጋንታ እዩ ዘሎ።" ክብል፡ ብዛዕባ'ቲ ምስ ቶተንሃምን ሪያል ማድሪድን ተኣሳሲሩ ዝጸዋዕ ዘሎ ስሙ መሊሱ።

* "ማንቸስተር ዩናይትድ ሓንቲ ካብ ዝዓበያ ክለባት ዓለም እያ።" ዝበለ - ተን ሃግ፡ "ገዛእ ንዓበይቲ ዋናጩ ከም እትውዳደር እዩ ዝገብረና። ብዘይካ'ዚ፡ ገዛእ ብሉጻት ተጻወትቲ ከተፈርም ከምዝኽእለካ ኩሉ ሰብ ይፈልጦ እዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ዝመጽእ ማስርሕ ምስዕጋር ደልዲልና ክንቀርብ ኣለና።" ኢሉ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኣብ 2022፡ ‘ልዕሊ ርብዒ ቢልዮን ሰባት ንሕጽረት መግቢ ተቓሊዖም’ ተባሂሉ

ኣብ 2022፡ ልዕሊ ርብዒ ቢልዮን ሰባት ንሕጽረት መግቢ ከም ዝተቓልዑ፡ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

እቲ ኣብ 58 ሃገራት ከም ዝተገብረ ዝተገልጸ ሕጽረት መግቢ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኩናትን ጽልዋ ለበዳ ኮቪድ-19ን ዘኸተሎ ምዃኑ ድማ፡ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ጠቒሱ።



ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኤውሮጳን ዝተመስረተ ኪዳን ሰብኣዊ ትካላት ዝኾነ ‘ግሎባል ሪፖርት ኦን ፉድ ክራይሰስ’ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 7 ካብ’ተን 58 ሃገራት ማለት፡ ኣብ ሶማልያ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ቡርኪናፋሶ፡ ሃይቲ፡ ናይጀርያ፡ ደቡብ ሱዳንን የመንን ብሰንኪ ሕሰም ጥምየት ሞት ከም እተራኣየለን ገሊጹ።

ቍጽሪ ናይ’ቶም ብሕጽረት መግቢ ዝሳቐዩን ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዝ ዘድልዮምን ሰባት ንራብዓይ ተኸታታሊ ዓመት ከም ዝወሰኸ፡ በዚ ድማ ሕቡራት ሃገራት ጥምየት ንምውጋድ ዝሓንጸጾ መደባት ሸቶኡ ከይወቕዕ ከም ዝኽእል፡ ጸብጻብ እቲ ውድብ ኣመልኪቱ።


ድኻታት ሃገራት ቡቲ ናይ መግቢ ሕጽረት ዝያዳ ከም እተጸለዋ ዝጠቐሰ እቲ ጸብጻብ፡ ኑቲ ጸገም ንምፍታሕ፡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ክተዩዱ ዝጸንሑ ወፍሪታት ዝያዳ ክድንፍዑ ጸዊዑ።

## ኔቶ፡ ኣብ ጃፓን ቤት-ጽሕፈት ክኸፍት ወጢኑ

ብኣመራጻ ዝምራሕ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ኣብ ጃፓን ናይ መጀመርታ ናይ ርክብ ቤት-ጽሕፈት ክኸፍት መደብ ከም ዘለዎ፡ ‘ኒኪይ ኤሲያ’ ዝተባህለት ጋዜጣ ሓቢራ።

ብመሰረት እታ ጋዜጣ፡ እቲ ክኽፈት ተመዲቡ ዘሎ ቤት-ጽሕፈት፡ እቲ ኪዳን ምስ ከም ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድን ደቡብ ኮርያን ዝኣመሰላ መሻርኽቲ ሃገራት ብዕቱብ ኣብ ዝዝርርቦ ርክባት ተራ ክህልዎ ምዃኑ ተገሊጹ።

እቲ ናይ ርክብ ቤት-ጽሕፈት ንምኽፋት



ዝጸለመ እማመ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ፉሚዮ ኪሺዳን ዋና ጸሓፊ ኔቶ ጀንስ ስቶልተንበርግን ኣብ ፈለማ እዚ ዓመት’ዚ ኣብ ቶክዮ ድሕሪ ዘካየድዎ ርክብ ከም ዝቐረበን፡ ንመስርሕ ምኽፋቱ ዝምልከት ውጥን ድማ ገና ኣብ ዘተ ከም ዘሎን እዩ ዝግለጽ።

ኔቶ ኣብ ጃፓን ቤት-ጽሕፈት ክኸፍት ምዃኑ ዝሕብር ዘሎ፡ እቲ ኪዳን ምስ ሃገራት ዞባ ኢንዶ-ፓስፊክ ዘለዎ ምትሕብባር ናይ ምሕያል መደቡ ብዋግልጺ ድሕሪ ምእዋጁ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ኪዳን ጽልዋኡ ናብ ኤሲያ ንምስፍሕፋሕ ዝጉብጦ ዘሎ ፈተነታት፡ ብሩስያን ቻይናን ብተደጋጋሚ ክኹነን ምጽናሑ ኣይተርሳዕን።

ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት፡ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኑቲ ብኣመራጽነ ሃገራት ምዕራብ ‘ዓለማዊ ኔቶ’ ንምፍጣር ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓሳት፡ ምስቲ ኣብ 1930ታት ብጀርመን፡ ኢጣልያን ጃፓንን ዝተዩድ ዝነበረ ንጥፈታት ኣመሳሲሉ ገሊጽዎ ምንባሩ ይዝከር።

ቻይና ብወገና፡ እቲ ምፍጣር ዓለማዊ ኔቶ ዝብል ጽንስ-ሓሳብ ንፖለቲካ ወጻኢ ቻይና ዝጸረረ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብዝተዛበዐ ሓቂታት ዝተመልኣን ኣተሓሳስባ ዝሓሉ ኩናት ዝዕብልሎን ውጥናት ምዃኑ ኣብ እዋኑ ምግላጸ ይሕበር።

## ፕረዚደንት መክሲኮ፡ ጣልቃ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ደው ክብል ጸዊዑ

ፕረዚደንት መክሰኮ ኣንድረስ ማኑኤል፡ ኣመሪካ ኣንጻር’ቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ንዝቃለሱ ውድባት እትገብሮ ሓገዛት ደው ከተብል ጸዊዑ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ጻውዒት’ዚ ዘቕረበ፡ ናብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ እዩ።



መንግስቲ ኣመሪካ፡ ብመንገዲ ‘ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ’ ኣብሉ ኣንጻር መንግስቲ መክሰኮ ንዝቃለሱ ውድባት ብቐሊዕ ክምውል ከም ዝጸንሐ ዝኸሰሰ ፕረዚደንት ኣንድረስ፡ እዚ ኑቲ ኣብ መክሰኮ ክየበር ዝድለ ምትእትታው ዘጸርን ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጻረርን ተኸታታሊ ተግባራት ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ 2021 እውን ፕረዚደንት ኣንድረስ ንምወላ ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ ዝኹንን ዲፕሎማስያዊ መልእኽቲ ናብ ምምሕዳር ፕረዚደንት ባይደን ልኢኹ ምንባሩ ይሕበር።

ኣብቲ እዋን፡ “ናይ ወጻኢ መንግስቲ ንፖለቲካውያን ጉጅለታት ክምውል ኣይግባእን እዩ” ዝበለ ፕረዚደንት ኣንድረስ፡ እቲ ተግባር፡ ንዕልዋ መንግስቲ ዘተባብዕ ምዃኑ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

## ኢራን፡ ምስ ሶርያ ቁጠባዊ ስምምዓት ክቲማ



መራሕቲ ኢራንን ሶርያን፡ ቁጠባዊ ሽርክነት ክልቲአን ሃገራት ንምድልዳል ዘኽእል ስምምዓት ከም እተፈራረሙ ተገሊጹ።

እቲ ስምምዓት፡ ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ ድሕሪ 2010 ንፈለማ እዋን ናይ ክልተ መዓልታት ዑደት ንምፍጻም ናብ ሶርያ ብምምራሕ ምስ ሶርያዊ መዘናኡ ባሻር ኣል-ኣሳድ ኣብ ዘካየዶ ርክብ እዩ።

ኣብቲ ርክብ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ልዕሊ 15 ቁጠባዊ ስምምዓት ከም እተፈራረሙ፡ ጸብጻባት ኣልጀዚራ ኣመልኪቶም።

ሰራዊት መንግስቲ ሶርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሓገዝ ሩስያን ኢራንን ንሰፊሕ ክፋል እታ ሃገር ዳግማይ ክቆጻጸር ከም ዝኸኣለ እዩ ዝግለጽ።

ቀንዲ ዕላማ ዑደት ፕረዚደንት ራኢሲ፡ ኣንጻር ወተሃደራዊ ስጉኣት እስራኤል ንምቕላስ፡ ቁጠባዊ ርክብት ሃገሩን ሶርያን ንምሕያል፡ ከምኡ ድማ ኣብ ጉዳይ ዳግመ-ህንጻ ሶርያ ንምዝታይ ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

እስራኤል፡ ኣብ ውሽጢ መሬት ሶርያ ንዘርከቡ ብኢራን ከም ዝድገፉ እትገልጾም ሓይልታት ንምድምሳስ፡ ኣብ ልዕሊ’ታ ሃገር ተደጋጋሚ ደብዳብ ነፈርቲ ከተካይድ ምጽናሓ ይዝከር።

ዑደት ፕረዚደንት ራኢሲ ኣብ ሶርያ፡ ደስክሉ ዝጸንሐ ኣባልነት ሶርያ ኣብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ንምብርባር ዲፕሎማስያዊ ተበግሶታት ኣብ ዝውሰደሉ ዘሎ እዋን፡ ከምኡ ድማ ስዑድያን ኢራንን ዲፕሎማስያዊ ዝምድናአን ኣብ ዘመሓይሻሉ ዘለዋ ግዜ ብምዃኑ፡ ኣብ ምሕያል ሰላምን ርግኣትን እቲ ዞባ ልዑል ኣገዳስነት ከም ዝህልዎ ይሕበር።

## ኢራን - ናይ ጽዕነት መርከብ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣእትያ

ሓይሊ ባሕሪ ኢራን፡ ኣብ ዝምታ ኑዳዲ ከም እተዋፈረት ዝገለጸ ናይ ጽዕነት መርከብ፡ ኣብ ከባቢ ወሽመጥ ሆርሙዝ ከም ዝሓዘ ኣፍሊጡ።

እታ ባንዴራ ፓናማ ተንበልብል ዝነበረት መርከብ፡ ናብ ኣመሪካ ተምርሕ ምንባራ’ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ኢራን፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዝተዋፈረት መርከብ ክትሕዝ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን እዚ ንኻልኣይ



ግዜኣ ምዃኑ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ምስ’ዚ ሓድሽ ጉዳይ ብዝተተሓሓዘ ጽዑቕ መርመራ የካይድ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ኢራን፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ማያት ወሽመጥ ፋርስ ኣብ ዝምታ ኑዳዲ ከም እተዋፈራ ዝገለጸተን ሓያሎ መራኽብ ሃገራት ምዕራብ ከም ዝሓዘት፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ’ቲ ማያዊ ኣካል ዝተዩድ ዘይሕጋዊ ምንቅስቓስ መራኽብ፡ ምስ ንጉዳውን ስለያውን ንጥፈታት ሃገራት ምዕራብ ዝተኣሳሰር ምዃኑ’ዩ ዝግለጽ።

ኢራን ኑቲ ዘይሕጋዊ ምንቅስቓሳት ንምግታእ፡ ሰፊሕ ወተሃደራውን ጸጥታውን ስርሒታት ክተካይድ ምጽናሓ ይፍለጥ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 5/5/2023 | ጎደና 195፡ 6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ጎኒ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services